# ንባህርያዊ ሓደጋ ክወፈራ



**ዮንሾፒንግ**

ከም ባህርያዊ ሓደጋ ንገልጾም ሓያሎ ኢዮም። ገለ ካብቶም ዘበርትዑ ምንቅጥቃጥ መሬት፣ ኣውሎ ንፋስ፣ ብርቱዕ ዝናብን ብርቱዕ ድርቅን ይርከቡዎም። እንበጣ ይኹን ካልእ ሓሸኻን ውን ደረጃ ዘኸትልዎ ሓደጋታት ደኣ ይፈላለ እምበር ብድልየት ደቂ ሰባት ስለ ዘይመጹ ባህርያውያን ሓደጋታት እዮም። ይዕበ ይንኣስ ከኣ ጉድኣት የኸትሉ። ባህርያዊ ሓደጋ ዘጥቅዖ ሰብ፣ ናብ ንቡር ሂወቱ ክምለስ ስለ ዝብርትዖ፣ ብደገፍ መሓዙት፣ ቤተ ሰብ ዓዲ፣ መንግስቲ ወዘተ.. ዝድልዮ ስረሓት ብመልክዕ ወፈራ ይሳለጠሉ። እቲ ደገፍ ብመጠን እቲ ሓደጋ ይፈላለ። ካብ መግብን ክዳንን ክሳብ ገዛ ምስራሕ የጠቓልል። ወፈራ ስራሕ ዝጸጓቕ ወይ ሰብኣይ ዘይብላ ሰበይቲ ውን ተውዕል እያ። ዝህቦ ትርጉም ሽግር ጻዕቂ ስራሕ ብዝመጸ ይምጻእ ብሓንሳብ ሓቢርካ ምፍታሕ ውን ብመጠኑ የስምዕ ኢዩ። ኣብቲ ወፈራ ተባሂሉ ዝተዓደመሉ መዓልቲ መሓዙት ወይ መቕርብ ሽሻይ ንምድላው ዝያዳ ሃተይተይ ይበሉ እምበር ኣብቲ ስራሕ ኢዱ ዝሕውስ ወይ ምኽሩ ዝልግስ ኩሉቲ ወዲ ዓዲ ኢዩ። ወፈራ ዝወዓሉ፣ ዝተሳተፉ ሰባት ብዘይካ ሕውነት ካልእ ቀጥታዊ ጉንፂ ኣይረኽቡን። ወለድና ካብዚ ኣገባብ ኣሰራርሓዚ ሽለል፣ ዕሽሽ ኢሉ ኣብ ካልኡ ማለት ካብዚ ልምዳዊ ኣሰራርሓዚ ተኣልዩ ዝወዓለ ሰብ ብኀቦ ዓይኖም ኢዮም ዝጥምትዎ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብቲ ዓዲ ዝግበር ስረሓትን ዋዕላታትን ዘይሕወስ ፎንጎለ ፎንጎል ዝኸይድ እንተኾይኑ ውን ኩነታት ጥዕኑኡ ርእዮም (ናይ ሓንጎል ሽግር ከይህልዎ) ብምምዛን ይልግም ከም ዘሎ እንተተለልዩ “ፎጎ” ይብሉዎ። ፎጎ እንተተባሂሉ ሓንሳብ እናተሰከፈ ይነብር። ነቲ ናብርኡ ገይሩ ናብራ ካሎኣት ወገኑ ውን ንምምሕያሽ ሃተይተይ ዝብል ሰብ ግን “ህጡር” ይብልዎ። ህጡር ሰብ ርእሱ ኣቕኒዑ ይኸይድ። ከም በዓል ሞያ እናተዘከረ ድማ ይነብር። ኣብ ጸገሙ፣ ደቂሱ ዝሓድር ሰብ ኣይህሉን። ብሓጺሩ መንነቱ ብስሩሑ የምዝን።

ጽጉም ኣብ ምርዳእ ዝጸንሓና ሃብታም ባህልን ልምድን ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራሕ ተሓጺሩ ኣይተረፈን፣ ኤርትራዊ ኣብ ደገ ኣብ ስደቱ ውን ክትግብሮ ዝጸንሖ ከም ውርሻ ዝተመሓላለፈሉ ሰናይ ተግባር ኢዩ። እዚ ኣብ ላዕሊ ክጥቀስ ዝጸንሐ ልምድታትን ባህላዊ ኣሰራራሓትን መሰረት ገይሩ ህዝብና ንምምጋብ ኢድና ኣጣሚርና ኣይንርእን ብምባል ኤርትራውያን ንኤርትራዊ ማሕበረ ሰብ ከም ቀንዲ ጽላልን መጠርነፍን ተጠቒምና፣ ህዝቢ ዓዲምና ብኣጀዳ ሰሪዕና ኣብ ከተማና ዘቲናሉ። ኣብ መንጎ ህጹጽ ረዲኤትን ቀጻልን ፈላሊና ብምርኣይ ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ህጹጽ ከክንደይ ነዋጽእ ዝብል ሕቶ ናብ ክትዕ ኣውሪድናዮ። መልሱ ነፍስ ወከፍና ሓሓደ ሽሕ ክራውን ክነዋጽእ ተረዳዲእና። ገለ ሰባት ብድልየትና ዝያዳ ክንከፍል ከም ዝወሰና ውን ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ዘቃላሕናዮ ገሊጽና ነርና። ክንገልጾ ከለና በቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝነበርናን ፍቓድ ዝበሉን 42,500 ክራውንን 5000 ናቕፋን ነይሩ። እቶም ኣብ ኣኼባ ክመጹ ዘይከኣሉ ዋላ ውን ፍቓድ ዘይበሉ ሃገራውያን፣ ኣኼባ ዓዲምና ኣይመጹን ብምባል ዕሽሽ ኣይበልናዮምን። ብዓንተቡኡ ዘምሰናዮ ዘተ ምስ ተገልጸሎም ምሳና ክሓብሩ ምዃኖም ኢና ኣሚና ተበጊስና። ከም እምነትና

ኮይኑ ካብዚ ከተማዚ ናብቲ ረዲኤትና ዝጽበ ዘሎ ህዝቢ ዝወሓዘ ካብ 42,500 ክራውን ናብ 65,250 (ሱሳን ሓሙሽተን ሽሕን ክልተ ሚእትን ሓሙሳን) ክራውን በጺሑ ኣሎ። ጌና ውን ይቕጽል ኣሎ። እዚ ሰናይ ግብሪዚ ካባና ካብቶም ዓቕሚ ኣዳም ዝለበስና ናብ ናእሽቱ ትሕተ ዕድመ ውን ከይተረፈ ይልሕም ምህላዉ ምርኣይና ህዝቢ ኤርትራ ከምዘይገዳዳዕ ይምህረና። ንምጥቃሱ፣ <u>*ሳራ በላይ እመሃጼን*</u> ዝተባህለት ትሕተ ዕድመ (15 ዓመታ) ነቲ ዓበይቲ ወገናቶም ንምርዳእ ዝገብርዎ ሃተይተይ ርእያ ብምሕታት ኣነ ውን ብግደይ ገለስ ክገብር እየ ኢላ ሓሲባ ሓደ ከም መፈተኒ ትብሎ ንሳ ፈስታ ኣዳልያ 2250 ክራውን ኣኪባ ንሽማግለ ድርቂ ምርካባን ጌና ውን ካብዚ ዝዓቢ ንምድላው ትብገስ ምህላዋን ገሊጻ ኣላ። ካብኣ ክልተ ዓበይቲ ጉዳያት ከኣ ተማሂርና። ኣብ ኤርትራ ጥመት ኣትዩ ስለ ዘሎ ገንዘብ ካብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ምእካብ ሕፍረት ከምዘይኮነ ሚሂራ። ካልኣይ፣ ነዚ ገንዘብዚ ናብ ሹጉራት ወገናተይ ዘብጽሓለይ ሓደ ብዕሊ ዝቖመ ናይ ደርቂ ሽማግለ ስለ ዘሎ ከም ሓደ ምንቅስቓስ ናይዚ ከተማ ናተይ ተበጉሶ ምሱኡ ክድመር ኣለዎ ምባላ *ዘሐጉስ፣* ነቲ ተኣኪብካ ወገንካ ንምሕጋዝ ዝግበር ምንቅስቓስ *ዘኀብዝ ዘሀጥር* ኢዩ ኢልና ከኣ ንገልጾ።

ካልእ!
በቶም ነዚ ስራሕዚ ንምስላጥ ዝተመዘዝና ሰባት ክግለጽ ከሎ ዘሐጉስ! ክንከፍል ምስምማዕና ጥራሕ ዘይኮነ ህዝቢ ኣብቲ ዝተወሰነሉ መዓልቲ ምኽፋሉን ኣብ ኣገባብ ኣከፍላ ዘርኣዮ ተሓባባርነትን ዝነኣድ ምንባሩን ዘሕደረልና ተስፋ ልዑል ምዃኑ ኢና ንገልጽ።

እወ!
ሽግር ህዝብና እናሰሓና ክንማሙቕ ኣይንኽእልን። ህዝብና እናተሸገረ እፎይ ኢልና ክንድቅስ ኣይንኽእልን። ሽግራት ብሓንሳብ ናይ ምክፋል ልምዲ ኣርቢሑናምበር ኣየኽሰረናን። እዚ ተግባርዚ ኣብ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈሱ ልዑል ዝኾነ ሕብረተ ሰብ ዝርኤ ብምዃኑ ክንኮርዓሉ ይግባእ።

ሓደራ!
ኣብ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልስና ከም ዝተራእየ! ኤርትራዊ መንእሰይ ንሃገሩ እምበር ንስድራ ቤቱ ፈልዩ ነጻ ከውጽእ ንመዳ ኣይወጸን። ኣብ ግዜ ወረራ ውን ወረርቲ ንሃገሩ ወሪሮም ንህዝቡ ከባሳብሱ ምዃኖም ደኣ ኢዩ ተረዲኡ እምበር ንወዱ ንጓሉ ነደ ደቁ (በዓልቲ ቤቱ) ጥራሕ ከይራስዩሉ ፈሪሑ ኣይነበረን ዝኸተተ፣ ሃገር ከኣ ዘውሓሰ። ሕጂ ውን ንሱ ኢዩ! ጠምዩ ዝጸምእ ዘሎ። ንሱ እዩ ብዘይ ቃል ዓለም ሂወት ኣድሕን ዝብል መልእኽቲ ዝሰድድ ዘሎ። ንሳ እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ስእሊ ሓንቲ ካብተን ኣብ እዋን ወረራ ቅያ ዝገበራ ኣደታት ኣሓት፣ እታ እንገርኣ ሰንኪታ ዕንግጢዓ በጽቢጻ ኣጆኹም እናበለት ዘፋነወት፣ ናብ ዘለይዎ ቦታ እናኸደት ምሳኹም ኣለና ዝበለት ትጠሚ ትጸምእ ዘላ። ንሳ እያ ኣብ ክንዲ ክዳን ከሰል ተኸዲና ዘላሞ፣ ኣብዛ እዋን እዚኣ ንሽግሩ ንሽግራ ካብ ናይ ቀረባ ስድራ ቤትና ሽግር ኣይንፍለዮ ሓደራ።

ሽማግለ ድርቂ ከተማ ዮንሾፒንግ
ሽወደን 13 04 2003
**drought03@yahoo.com**